# ንቋንቋ ትግሪኛ ተረዲእናን ፈሊጥናን: ክንዛረበሉን ክንጽሕፈሉን ከሎናስ: ክንደይ ኮን ይምዕርግ ?

ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ

*30 ሕዳር 2010 ዓ.ም.*

ግእዝ ንቋንቋ ትግረን ትግሪኛን ወሊዱ። ትግረን ትግሪኛን ከኣ ንኣምሓሪኛ ወሊዱ። ብዘይካ ኣብ ምድረ ዅናማን ምድረ ብሌንን ኣውራጃ ደንከልን: ኣብ ኤርትራ ቋንቋ ትግረ ኣዝዩ ዝውቱር ነይሩ። ጽሓፍቲ ታሪኽ ከምዝምስክሩዎ ከኣ: ቅድሚ ቋንቋ ትግሪኛ ኣብ ከበሳ ኤርትራ: ቋንቋ ትግረ ጥንታዊ ቋንቋ ከምዝነበረ'ዩ። ቅድሚ መግዛእቲ ቱርኪ: ኣብ ኤርትራ ካብ ቋንቋ ትግሪኛ: ቋንቋ ትግረ ብብዝሒ ይዝረብ ከምዝነበረ መጻሕፍቲ ታሪኽ ይምስክሩዎ። ጸኒሑ ግና ቋንቋ ትግሪኛ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን ሰራየን ኣከለ-ጉዛይን ፍርቂ ሰንሒትን ጥራይ ዝውቱር ኮይኑ። ቋንቋ ትግሪኛ ከም'ዚ ሎሚ ብኣጓጕል ዝኾነ ቋንቋ ኣምሓሪኛ ከይተበላሸው ከሎ: ዋናታቱ ዝኾርዑሉ ንጹርን እሩምን ስሩዕ ኣገባብ ሰዋስው ዝነበሮ ቋንቋ'ዩ ነይሩ።

ቋንቋ ትግሪኛ መንግዛእቲ ኮሎንያል ጣልያን ኣብ ኤርትራ ምስኣቶ: ሓራ ኮይኑ ክምዕብል ዕድል ኣይረኸበን። ክመክን ዳኣት ገደደ። ድሕሪ መግዛኣቲ ኮሎንያል መግዛእቲ: ትንፋስን ጨራ ነጻነትን ረኺቡ ክምዕብል ጀመረ። ካብ *1942* ዓ.ም.ፈ. ክሳብ *1960* ዓ.ም. እዩ ቋቋ ትግሪኛ ተተይ ክብል ዝጀመረ። ብኻልእ ኣገላልጻ ቋንቋ ትግሪኛ ካብ *1942* ዓ.ም.ፈ. ክሳብ ፈደረሽን ዝፈረሰሉ ግዜ'ዩ ክምዕብል ጀሚሩ ነይሩ። ድሕሪ ፈደረሽን ግና ቋንቋ ትግሪኛ: ብቋንቋ ኣምሓርኛ ብቐስብ ተተኪኡ። ከም'ቲ ጀሚሩዎ ዝነበረ ብስነጽሑፍ: ነጻ ኮይኑ ክምዕብል መኸለእያ ኣጋጠሞ። ካብ ቋንቋ ኣምሕሪኛ ተቐዲሓም ዝመጹ ምጻእተኛታት ቃላት ተባላሸ'ዩ ከኣ ክሳብ ሕጂ ይሳቐ ኣሎ። ቋንቋ ትግረ'ውን ዓቢ ሓደጋ ኣጋጢሙዎ'ዩ። ኣብ ግዜ ምምሕዳር ዓባይ ብሪጣንያን: ኣብ እዋን ፈደረሽንን: ኣዲኣ ገዲፉ ሓትኖኣ ትናፍቕ ከምዝብሃል: ብሰንኪ ሰበ-ስልጣናት ኣንግሊዝ ዝመሃዙዎ እከይ ፈላላዪ ብልሃት: ብቋንቋ ዓርብ ክትካእ ተቐሰበ። እቶም ቋንቋ ትግሪኛ ዝዛረቡ ኤርትራውያን ደቂ ባርካን ሰኒሕትን ሳሕልን: ብመሰረቱ ቋንኦም ትግረን ትግሪኛን'ዩ ዝነበረ። ሃይማኖቶም ድማ ብሰንኪ ግዛኣቲ ቱርክን ግብጽን ካብ ክርስትና: ኣብ ምስልምና እምነት ብቐስብ ዝቐየሩ'ዮም። መጽሓፍ ቍርኣን ብቋንቋ ዓረብ ስለዝኾነ ግና: ኣብ ምስልምና ዝኣመኑ ኤርትራውያን ቋንቋኦም ዓረብ ክኸውን ባህርያዊን መጎታዊ ኣይኮነን። ንኣብነት ህዝቢ ቱርኪ ሃይማኖቶም ምስልምና'ዩ። ቋንቋኦም ግና ቱርኪኛ'ዩ። ስለዚ ነቲ ቍርዓን ብዓረብን ብቱርክን የንብብዎ'ምበር ኣዕራብ ኣይኮኑን። ኣፍጋንስታንን ፓኪስታንን ሃይማኖቶም “ሱኒ“ ዝብሃል ዓይነት ምስልምና ኮይኑ: ቍርኣኖም ከኣ ብቋንቋኦም “ፑሽቱን ጋሪን“ ከምኡውን ኡርዱን ዓረብን'ዩ። ቍርኣን ብቛንቋ ዓረብኛ ስለዝኾነ ግና ኣዕራብ ኣይኮኑን። ሰበ-ስልጣናት ዓባይ ብሪጣንያ ግና: ነዚ እናተረድኡ ኮነ ኢሎም ነቶም ቋንቋ ትግረን ትግሪኛን ዝዛረቡ ኣስላም ኤርትራ: ዓረብ'ዩ ቋንቋኹም ኢሎም ስነጽሑፍ ቋንቋ ዓረብ ምሂዞምሎም። ኣብ ኤርትራ ድማ ዓረብኛ ቋንቋ ወግዓዊ ቋንቋ ኤርትራ ንክኸውን: ብሰንኪ ብልሓት መንግስቲ ኣንግሊዝ ኣብ ሕጊ ፈደረሽን ሰፈረ። ከምኡ ኢሉ ገድሊ ኤርትራ ንበረኻ ምስ ወጸ ከኣ ብእኡ ጸደቐ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ እንተኾነ'ውን መጽሔታትን መጻሕፍትን ብቋንቋ ዓረብኛን ትግሪኛን'ዮም ዝጽሓፉ ዝነበሩ። ኤረ ኣብ ኣኼባታት መሪሕነት ጀብሃስ: ቋንቋ ዓረብኛ ካብ ቋንቋ ትግሪኛን ትግረን ዝያዳ ቀዳምነት'ዩ ነይሩዎ።ስለዚ ከምዚ'ሉ ቋንቋ ትግረ ብቋንቋ ዓረብኛ ስለዝተተክኤ: ወግዓዊ ልሳንን ስነጽሑፍን ተሓሪሙዎ ማሲኑ ይበሊ ኣሎ።

ሓደ ቋንቋ ዝምዕብል እቲ ነቲ ቋንቋ ዝዛረብ ህዝቢ: ሓራ ምስ ዝወጽእ ጥራይ እዩ። እቲ ህዝቢ ነጻ ኣንተዘይ ወጺኡ ግና: ኣቲ ቋንቋ በቶም ገዛእትን ወረርትን እናደኸመ ክኸይድ ባህርያዊ'ዩ። ንቋንቋ ትግሪኛ ብግቡእ ኣገባብ ሰዋስውን (Grammar) ስነጽሑፍን (Literature) ኣንተድኣ ተማሂርናዮ: ኣዝዩ ሃብታም ቋንቋ'ዩ። ርግጽዩ ብዛዕባ ቋንቋ ትግሪኛ ኣብ'ዚ መግለጺ'ዚ: ብሰፊሑ ክንትንትኖ ቦታን ግዜን ስለዘይፍቅድ: ንመረዳእታ ጥራይ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ከነቕርብ ኢና። እስከ ነቶም ብቐጥታ ሓደ ብሓደ ካብ ቋንቋ ኣምሕሪኛ ዝተለቃሕናዮም: ኣሞ ብፍላጥ ድዩ ብዘይ ፍላጥ: ገና ምምሕያሽ ከይተገብረሎም: ስነጽሑፍን ዘረባን ቋንቋ ትግሪኛ ብተደጋጋሚ ዘባላሸዉ ዘለው መስተጻምራት: ንተኻታተልቲ ገለ ሓገዝ ኣንተኾኖም ብማለት: ከም መረዳእታ ብኸም'ዚ ዝስዕብ

ኣዳሊናዮም ኣሎና። ብቐጻልነት ንቋንቋ ትግሪኛ ኣጋዕዝዮሞ ዘለው ሓይሎ ቃላት ኣየኖት ምኳኖምን: ብኸመይከ ክእረሙ ከምዘለዎምን: ብመጠኑ ምስ መረዳእታኡ ብኸም'ዚ ከነብርህ ክንፍትን ኢና።

**መ ተ ሃ ሳ ሰ ቢ:** ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ <u>ንእሽቶ ኣስተምህሮ ቋንቋ ትግሪኛ</u> ክነዳሉ ከሎና: ኣብ ብዙሓት መርበብ-ሓበሬታን መጽሔታትን መጻሕፍትን ዝወጹ ስነ-ጽሑፋት: ኣዞም ናይ "ናይ ናይ: ናብ ናብ ናብ:" ዝብሉ መስተጻምራት ቃላት: ብተደጋጋሚ ግርማን ወጅሃትን ስነጽሑፍ ክጸየቑ ስለዝተዓዘብና: እስከ ነቶም ብቕንዕና ጌጋታቶም ክእርሙ ዝደልዩ ግዱሳት ጸሓፍትን ደረስትን ቋንቋ ትግሪኛ: እንተጠቐሞም ብምባል'ዩ'ሞ: ሰናይ ኣድህቦ።

ቀጥታ ካብ ቋንቋ ኣምሓሪኛ ዝተወርሱ ጸየቕቲ: ስነ-ጽሑፍ ቋንቋ ትግሪኛ'ዞም ዝስዕቡ'ዮም
ናይ ናይ ናይ: ናብ ናብ ናብ:

ንመረዳእታ:
<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u>:- ናይ ባህሊ ልማዳት <u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ባህላውያን ልማዳት።

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u>:- ናይ ሃገር ምምሕዳር ጸገማት።

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ጸገማት ሃገራዊ ምምሕዳር። ወይ ከኣ ጸገማት ኣመሓዳድራ ሃገር።

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u> ኣንቱም ዓቢ ሓወይ ናበይ ናይ ኣባጊዕ ዕዳጋ ይርከብ?

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ኣንቱም ዓቢ ሓወይ: ዕዳጋ ኣባጊዕ ኣበይ ይርከብ?

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u> ኣንትን ኣደይ ናበይ ይርከብ ዕዳጋ ናይ ኣባጊዕ?

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ኣንትን ኣደይ: ዕዳጋ ኣባጊዕ ኣበይከን ይርከብ?

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ:-</u> ኣንቱም ኣቦይ ብጃኹም እቲ ኡዳጋ ናይ ኣባጊዕ ናበይ ይርከብ?
<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ኣንቱም ኣቦይ ብጃኹም: ኣበይ ይርከብ ዕዳጋ ኣባጊዕ?

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ:-</u>
ናይ ኤርትራ ርእሲ ከተማ ኣስመራ ኢ*ያ*። <u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ርእሲ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ'ያ።

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u>
ኣባላት ምምሕዳር <u>ናይ'ቲ:</u> ህዝባዊ ባይቶ: ብዛዕባ ኣገዳስነት ምቛም: <u>ናይ'ቲ</u> ባይቶን ኣሰራርሓኡን መብርሂ ሂቦም።

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:-
ኣባላት ምምሕዳር <u>እቲ</u> ህዝባዊ ባይቶ'ቲ: ከኣ ብዛዕባ ኣገዳስነት <u>እቲ</u> ምቛምን ኣሰራርሓ <u>እቲ</u> ባይቶኡን መብርሂ ሂቦም።

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u>:- ሰብ ነናብ ሰቡ: ዝብኢ ነናብ ገረቡ።

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ሰብ ኣብ ሰቡ: ዝብኢ ኣብ ገረቡ። ሰብ ኣብኣብ ሰቡ: ዝብኢ ኣብኣብ ገረቡ።

<u>ግዕዙይ ትግሪኛ</u>:- ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ከይዶም።

<u>እሩም ትግሪኛ</u>:- ዓዲ-ዓዲ ከይዶም። ኣብ ዓዲ ዓዲ ከይዶም።